# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

## ቅኑዓትን
## እኩያትን ነገስታት

ጸሓፊ ፦ Edward Hughes

ገላጺ ፦ Lazarus, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ተርጋሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ


ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣


ንምናሴ ሞት ኣቡኡ ንጉስ ህዝቅያስ ናይ ሓዘን መዓልቲ ኢያ ነይራ፡ ምናሴ ወዲ ዓሰርተው ክልተ ዓመት ጥራይ ከሎ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ይሁዳ ዝነበሩ ህዝቢ ኣምላኽ ሓድሽ ንጉስ ኮነ፡ ምናሴ ኣብቲ ግዜ ን 55 ዓመት ከም ዝነግስ ኣይፈልጥን ነበረ፡ ምናሴ ቅኑዕ ንጉስ ንምዃን ካብ ኣምላኽ ሓገዝ የድልዮ ነበረ።




ምናሴ ግና ንኣምላኽ ዕሽሽ ብምባል ክፉእ ገበረ፡
ንኣምልኾ ጣኦት ዚኸውን መሰዊኢታት ዳግም ሃነጸ፡
ሕሉፍ ሓሊፉ ድማ ምስሊ ጣዖት ሰሪሑ ኣብ ቤተ
መቕደስ ኣምላኽ ኣንበሮ! ኣምላኽ ኣቀዲሙ ብሙሴ
ኣቢሉ "ምስልን ስእልን ኣትግበር ኣይትስገደሎምን
ኣይተገልግሎምን ድማ ኢሉ ተዛሪቡ ነይሩ ኢዩ፡



ምናሴ ጥንቈላን ኣስማትን የዘውትር
ነበረ፡ ነቶም ህዝቢ ኻብ ኣምላኽ
ከም ዚርሕቑ ድማ ገይርዎም
ገበሮም፡ እቲ ዝገደደ ድማ ንደቁ
ንጣኦታት መስዋእቲ ገይሩ ብሓዊ
ኣንደዶም፡ ዘይምእዛዝ ምናሴ
ንኣምላኽ ኣዝዩ ኣቌጥዖ ።




ኣምላክ ህዝቡ ምስ ዘይእዘዙ ንክቕጽዑ ይሓደጎ ነበረ፡ በዚ ድማ ንምናሴን ነቶም ዝመርሖም ህዝብን ዘጋጠሞም እዚ ኢዩ፡ ንሰራዊት ኣሶር ድማ ኣሕሊፉ ሃቦም ምናሴ ድማ ብሰንሰለት ተኣሲሩ ናብ ባቢሎን ተወስደ ።




ምናሴ ኣብ ባቢሎን ድሕሪ ምስ,ቃዩ፡ ናይ ኣምላኹ ለመነ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣቦታቱ ድማ ገዛእ ርእሱ ትሕት ኣበለን ጸለየን፡ ናብቶም ህያው ዘይኮኑ ጣዖታት ምስጋድ ድም ኣቋረጸ፡ ግን እቲ ህያው ኣምላኽ ድሕሪ እዚ ኹሉ ክፋእ ንምናሴ መልሲ ይህቦ’ዶ ይኸውን።




እወ! ኣምላኽ ንጸሎት እቲ ንጉስ ሰሚዑ ናብ ኢዮርሳሊም፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ህዝቢ ክነግስ ናብ ዝፋኑ መለሶ፡ ሽዑ ምናሴ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ምዃኑ ፈለጠ ።



ንጉስ ምናሴ ድማ ሓድሽ ሰብ ኰነ፡ ነቲ ምስሊ ኻብ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ኣውጺኡ፡ ንኹሎም ጓኖት ኣማልኽቲ ድማ ኣብ ኢዮርሳሌም ኣከቦም ኣሞ ንኹላቶም ከኣ ደርበዮም፡ ንመሰውኢ እግዚኣብሄር ድማ ኣሕደሶ መስዋእቲ ምስጋና እውን ኣቕረበ። ንኩሉ እቲ ህዝቢ ድማ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ኬገልግል ኣዘዞም፡ እዝስ ኣብ ምናሴ ኸመይ ዝበለ ዓብዩ ለውጢ ኰን እዩ ነይሩ።




ምናሴ ምስ ሞተ ወዱ ኣሞን ንገሰ ናብ ኣምልኾ ጣኦት ድማ ተመልሰ፡
ግናኸ ከም ምናሴ ኣብ ቅድሚ ጐይታ ርእሱ ትሕት ኣየበለን፡ ኣሞን
ሓጥኣቱ እንዳበዝሐ ምስ ከደ ኣገልገልቱ ኣብ ቤቱ ከሎ ቐተልዎ
ንኽልተ ዓመት ጥራይ ድማ ገዝአ።



እቲ ቐጺሉ ዝነበረ ንጉስ ኢዮስያስ ወዲ
ሸሞንተ ዓመት ኢዩ ነይሩ፡ ን31 ዓመት
ድማ ነገሰ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከኣ ቅኑዕ
ዘበለ ገበረ፡ ንኹሎም ናይ ሓሶት ኣምልኾን
ንኹሎም ናይ ሓሶት ኣማልኽትን ድማ
ኣጥፊኦም፡ ብርግጽ ድም ኢዮስያስ
ንኹሎም ጣኦታት ምስ ሓመደ
መሬት ሓዋወሶም።




ከምኡ ውን እቲ ቅኑዕ ዝነበረ ንጉስ ኢዮስያስ ንቤተ መቕደስ ኣምላኽ ኣጽረዮን የሕደሶን፡ ሓደ ኻህን ድማ ኣብ ጐሓፍ ነቲ ሙሴ ዝሃቦ መጽሓፍ ሕጊ እግዚኣብሄር ረኸቦ።





እቲ ንጉስ ቃላት እቲ ሕጊ ምስ ሰምዐ ብጓሂ ክዳውንቱ ቐደዶ፡ ኢዮስያስ ኣቦሓጎታቱ ንሕጊ ኣምላኽ ክሳዕ ክንደይ ይጥሕሱ ኸም ዝነበሩ ድማ ፈለጠ።


ሑልዳ ዝስማ ነብዩት መልእኽቲ ኣምላኽ ንኢዮስያስ ሃበቶ፡ "እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል አሎ፡- ንሳቶም ስለ ዝሓደጉኒ እንሆ ንኹሉ እቲ ኣብታ መጽሓፍ ዘሎ መርገም ናብዛ ቦታ እዚኣ ኸምጽኦ እየ።" ኢዮስያስ ትሑትን እዙዝን ስለ ዝነበረ ግና እዚ ነገር ኣብ ዘመኑ ከም ዘይከውን ነገረቶ።



ኣምላኽ ንኢዮስያስ ነቲ ህዝቢ መሪሑ ናብ ኣምልኽ ክመልሶ እግዚኣብሔር ረዲእዎ ኢዩ፡ ሓደ መዓልቲ ኢዮስያስ ንሰራዊቱ ኣብ ውግእ እንዳመርሐ ከሎ ብሓደ ቐስተኛ ጸላኢ ተውጊኡ ቈሰለ፡ ኣገልገልቱ ድማ ብሰረገላ ገይሮም ናብ ኢዮሩሳሌም ወሰድዎ ኣብኡ ድማ ሞተ ።

ኵሎም እቲ ህዝቢ ድማ ሓዘነሉ ብዛዕባ ንጉስ ኢዮስያስ ድማ መዝሙራት ዘመሩ።





ብዙሕ ከይጸንሐት እታ መንግስቲ ኣብቅዐት፡ ሓደ መዓልቲ ግና ንጉስ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ንጉስ ከም ዝነግስ ስሙ ድማ ንጉስ ነገስታት ጐይታ ጐይቶት ይበሃል፡ ኢየሱስ ክርስቶስ ንመጀመርታ ግዜ ምስ መጸ ተነጽገን ተሰቕለን፡ ኢየሱስ ክርስቶስ ደጊሙ ኣብ ዝመጻሉ ግን ኣብ ልዕሊ እስራኤል ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ልዕሊ ምልእቲ ምድሪ እውን ኪነግስ እዩ ።

ቅኑዓትን እኩያትን ነገስታት

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

2 ዜና መዋእል 33-36

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቐቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16